# ኣይ ሓጎስ ኣይ ጓሂ ቅሳነት ዘይብሉ መገሻ

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ ኖርወይ 04/08/06

ሰሚዕናዮ መገሻኹም ተሸቑሪርካ ምዩቕ ኣብ ገዛእ ሃገሩ
ብዘይ ልዋም ከም ዘሕለፍዎ ህግደፍ ከይጎብጦም እናባህረሩ
መሬት ኣትሪሮም ከይረገጹ ዝተመልሱ ርዒዶም ከይተዛወሩ
ከምቲ ቲቪ ኤረ ትልፍልፎ ዘይኮነስ ብግልብጥሽ እዩ ነይሩ

ስብከት ቲቪ ኤረ መሰረት ዘይብሉ ምዕባለኣ ትሕቲ ማእሲ
መሐጎስ ዓያሹ ኣዐርዮም ንዝፈልጥዋ መርዘን ሕማም ርእሲ
ግብጃኣ ሓሶት ጥዑይ ሓኪም ዝሳኣነት ናይ መልሓስ ፈዋሲ
ዘይተገብረ ከተውርዩ ነሕዋትና ሰሊብክዮም ከመይ ተቦንቆሲ

እስከ ንስማዕ ርእይቶ ሓደ ሓደ ዓዲ ዝበጽሑ ታይ ከም ዝብሉ
መታዓቢቲ መማሃርትኻ ወድዓድኻ ሃሶው ኢልካ ዘይትረኽበሉ
ብጎሮሮና ተሓኒቕናምበር ጸላኢና ኺዶ ዓዲ ሽፋቱ ታይ ክንከደሉ
እንዳበሉዮም ዘመኽንዩ ዘለዉ ብዓል ዓይነንቁሪ ናይ በለጽ ወሓላሉ
ሽግር ህዝቦም ቅጭጭ ዘይብሎም ንዓይ ይጥዓመኒ ጥራይ ዝብሉ
በብ ዓይነቱ ሓሶት ለቓቒቦም ነብሶም ኣታሊሎም ብሰብ ከሽካዕልሉ

ኣለዉውን ብዙሓት ንመገሻ ኮነ ኢሎም ክዕንድሩ ክጽይቑ ዝኸዱ
መንእሰያት የሕዋትና ሽግር ከም ዘለወን ፈልጦም ብዶላር ክጋርዱ
ኣብዚ እዋንዚ ብልሽውና ተራኣይዎም ኣብ ቤት ዕብዳን ዘሰዱ
ኤርትራና ናብ ታይላንድ ቀይሮማ ተኪኦሞም ንባዕዳውያን ጸዓዱ

ንሕዘነሎም ኣብዚእዋንዚ ብሓሶት ቲቪ ኤረ በኲያም ዝመሸመሹ
ሓሰውቲ መሲሓን ንዝተገረሀ መጣፍእቲ ክኾኖም በታላል ዝቐሸሹ
ብቲቪ ኤረ ዝተለኸፉ ወልፊ ዝሓዞም ብኾንቱ ግዜኦም ዝሕሸሹ
ከም ሰተይቲ ሓሸሽ ሓንጎሎም ኣደንዚዞም መርቂኖም ዝድቅሱ
ነዚኦምዩ ሒዙ ተሪፉ ህግደፍ ሰራሕ ቅያ ኣበረኛ ተንኮል ዝትርኣሱ
ቑብነገር ዘይብሉ ስርዓት ስለ ዝኾነ ክጠፍእ ኣለዎ ሱሩ ተመልዒሱ

ንብዕልግና ዘተባብዕ ስርዓት ባህሩ ባህሪ ዒም ዝበለ ይታሓጎም
ማዕከን ናይ ተንኮልን ጽልኢን ገይሩዋ ሃገርና ዘይሓዊ ሕማም
ኣብ ሰላምን ራህዋን ዘይኣምን ወግሐ ጸብሐ ንዕግርግር ዝዕድም
ንዓለም ገሪሙዎ ኣስካሕኪሑ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብዘውረዶ ሕሰም

**ንዝተጋገና ናብ ልብና ምለሰና**
**ምሉእ ዓወት ክኾነልና**
**ኣሜን**